በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን!!

2 መስከረም ዮሃንስ መጥመቕ ርእሱ ዝተሰየፈላ ዕለት'ያ! ርእሰ ዓውደ ዓመትና ኸኣ ቅዱስ ዮሃንስ፡ ቅዱስ ወንጌልና ከም ዝምህረና ማቴዎስ14:1-13 ዮሃንስ ን ንጉስ ሄሮድስ ሰበይቲ ሓውኻ ንዓኻ ኽትከውን ኣይፍቀደካን'ዩ ስለ ዝበሎ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእትይዎ ነበረ ኣብ ዕለተ ልደቱ ጓል ሄሮድያዳ ሳዕሲዓ ምስ ኣሐጎሰቶ ክሳብ ፍርቂ ንግስነቱ ቃል ኣተወላ'ሞ ኣዲኣ ከምዝመኸረታ ርእሲ ዮሃንስ መጥመቕ ኣብ ሒላብ ጌርካ ሕጂ ሃበኒ በለቶ! ንምሉእ ንሕዝቶ ማቴ 14 ንመልከት።

ኣብዚ ከም እንርእዮ ብቐሊል ነገር ዘሰየፎ ይመስል ኣብቲ መሰረቱ እንተርኢና ግን ሰይጣናዊ ቅንኢ ዝመልአ'ዩ! እቲ መጻርርትና ዲያብሎስ ብጥምቀት ትርከብ ድሕነት ስለ ዘይደልያ ንዮሃንስ ብምቕታል ጥምቀት ዝተርፍ መሲልዎ ኣብ ሄሮድያዳ ሓዲሩ ንግስቲ ኽይከውን ይጻብኣኒ ኣሎ ዝብል ናይ ቅንኢ መንፈስ ስለ ዘሕደረላ ርእሲ ዮሃንስ ተመንያ ከምትምኒታ ግን ንግስቲ ኮይና ክትነብር ኣይክኣለትን! እቲ ንሴፍ ኣሕሊፉ ዝሃቦ ሄሮድስ እንተኾነ'ውን መሸሚሹ'ዩ ዝሞተ!!

ክቡራት ምእመናን ኣብዚ ግዜና ዝግበር ዘሎ ብስሕለት ኣራእስ ክርስትያን ምቑራጽ! ብ እሳት ምቅጻል! ኣብ ባሕሪ ምድርባይን ካልእን! ሎሚ ዝተጀመረ ኣይኮነን! እቲ ድሕነት ደቂ ሰባት ዘይደሊ ዲያብሎስ በቶም ዝተጠምቁ ቀኒኡ! በቶም ዘይተጠምቁ ኣረሚናውያን ክኣ ከምቲ ዘለውዎ ከይተጠምቁ ንኽጠፍኡ ሓቂ ብዝመስል ዕሽነት የዋስኦም ኣሎ ፍጻሚኦም ግን ንኹሉ ኣማኒ ንጹር'ዩ!! ጎይታ ኢየሱስ ክርስትያን ኣጥፊአ እመጽኣካ ኣለኹ ተቐበለኒ ዝብል ቀታሊ ከምዘየሎ ኸኣ ባዕላቶም እቶም ቀተልቲ'ውን ምስክር እዮም!!

## በረኸት መጥመቀ መለኮት ምስኩላትና ውሉደ ጥምቀት ይኹን!!




